## *ክትባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1 ኣብ ኪንግ ካውንቲ ይርከብ እዩ*

ክልቲኦም ዓይነታት ክትባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1ን ወቕታዊ ጉንፋዕን ኣብ ኩሎምኳ እንተዘይኮነ ኣብ መብዝሕትኦም ወሃብቲ ሓልዮት ጥዕና፣ ክሊኒካትን ኣባይቲ መሸጢ መድሃኒትን ይርከቡ እዮም። ቕድሚ ምኻድኩም ደውሉ።

ከምኡ'ውን ቀዋሚ ወሃቢ ሓልዮት ጥዕና ንዘይብሎም ሰባት ህዝባዊ ጥዕና ክትባት የወፍይ እዩ። ንወብሳይት ህዝባዊ ጥዕና ፈትሽዎ www.kingcounty.gov/health/H1N1
ን ክትባት ኤች1 ኤን1 ኣበይ ከምዝርከብ ተደጋጋሚ ሓድሽ ሓበሬታ ንምርካብ።

ዓበይቲን ከምኡ'ውን 10ን ልዕሊኡ ዝዕድምኦም ቆልዑትን ሓንቲ ዓቐን ክትባት ኤች1 ኤን1 ከተድልዮም እያ። ትሕቲ 10 ዝዕድምኦም ቆልዑት ክልተ ዓቐን ከድልዮም እዩ። ካብ ወቕታዊ ጉንፋዕ ንምክልኻል ካልእ ፍሉይ ክትባት ከድልየኩም እዩ።



## *ህዝባዊ ጥዕና ክሕግዘኩም ድሉው እዩ*

ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ጉንፋዕ ሕቶታትን ዘተሓሳስብዎም ነገራትን ኣለዉዎም። ህዝባዊ ጥዕና ኣዝዩ ሓድሽ ዝኾነ ሓበሬታን ኣፍልጦ ክህልወኩም ዘኽእሉ ብዙሓት መንገድታትን ኣለዉዎ። ጊዚያዊ ሓደሽ ነገራትን ሓበሬታን ንምርካብ፡

www.kingcounty.gov/health/H1N1

ወይ

**ቀንዲ መስመር ሓበሬታ ጉንፋዕ**
**877-903-5464**
**ንመዓልቲ 24 ሰዓታት**
**ብኢንግሊሽን ስፓኒሽን**

Public Health
Seattle & King County

H1N1 Vaccine Facts—Tigrinia
Updated 1/05/2010

# ብዛዕባ ዘተሓሳስበኩም ኤች1 ኤን1 (ስዋይን) ሰዓል ክትባት ንባዕልኹም ወይ ንውላድኩም?

# ዘድልይኹም ነገራት ንምፍላጥ



# ጭብጣዊ ሓበሬታ ክትባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1

## ካብ ጉንፋዕ ንምክልኻል ክትባት ሰዓል ምውሳድ ዝበለጸ መንገዲ እዩ

ክትባት ጉንፋዕ ንኣካላትና ካብ ጉንፋዕ ንምክልኻል ይሕግዞ። ሓድሓደ ሰባት ጉንፋዕ ተታሒዝካ ተጻዋርነት ምምዕባል ክትባት ጉንፋዕ ካብ ምውሳድ ይሓይሽ ኢሎም ይኣምኑ። ኮይኑ'ግን ክትባት ጉንፋዕ ምውሳድ፡ ጉንፋዕ እተምጽኦ ስግኣት ብዘይብሉ መንገዲ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ምክልኻል ይህብ።

ኤች1 ኤን1 ክትባት ጉንፋዕ (ስዋይን) ንኹሎም ሰባት ጽቡቕ ክኸውን ከሎ ብፍላይ ግን ን **ቆልዑት** ን **ነፍሰጸራት** ኣድላዪ እዩ፡ ምኽንያቱ ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1 እንተሒዝዎም ዝለዓለ ናይ ምሕማምን ናብ ሆስፒታል ናይ ምእታው ዕድል ስለዘለዎም እዩ።

ከምኡ'ውን ዝኾነ **ዝተዳኸመ ኣካላዊ ምክልኻል** ወይ **ቀጻሊ ዝኾነ ጸገም ጥዕና** (ንምሳለ ሕማም ሽኮርያ፣ ሃንደበታዊ ምዕጋት ኣካልዊ ስምዒትን ምንቅስቓስን ወይ ንምትንፋስ ወይ ንምውሓጥ ኣጸጋሚ ዝገብር ኩነታት ጥዕና) ዘለዎም ሰባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1 እንተሒዝዎም ብዝለዓለ ደረጃ መጥቃዕቲ ናይ ምርካብ ስግኣት ኣለዎም።

ኣድላዪ፡ ንስኹም ወይ ውላድኩም ሕማም ብዝለዓለ መንገዲ ከምዘጥቅዓኩም ዝገብር ኩነታት ጥዕና እንተለኩም **ከምኡ'ውን** ክትባት ኤች1 ኤን1 ካብ ምውሳድ ዘትርፉን ዘተሓስስቡን ነገራት እተለዉኹም፡ በጃኹም ምስ ወሃቢ ሓልዮት ጥዕናኹም ብዝቐልጠፈ እዋን ተዘራረቡ።



## ክትባት ኤች1 ኤን1 ድሕንነት ዘለዎ እዩ

ክትባት ኢንፍሉወንዛ ኤች1 ኤን1 ዝተሳናደወሉ መንገዲ ሕደ ከም ናይ ክትባት ወቕታዊ ጉንፋዕ እዩ፡ ከምኡ'ውን ሕደ ዓይነት ድሕንነት ከምዘለዎ ትጽቢት ይግበር። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብሚእትታት ሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣሜሪካውያንን ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ ሰባትን ድሕንነት ብዘለዎ መንገዲ ክትባት ወቕታዊ ጉንፋዕ ወሲዶም ኣለዉ።

## ብሰንኪ ክትባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1 ጉንፋዕ ክትሕዘኩም ኣይትኽእልን'ያ

ክትባት ጉንፋዕ ጉንፋዕ ከትሕዝ ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ክትባት ጉንፋዕ ዝርከቡ ቫይረሳት ዝሞቱ እዮም፡ እዚ ሕማም ብፍጹም ከስዕቡ ኣይክእሉን እዮም ማለት እዩ። ናብ ኣፍንጫ ዝንፋሕ ክትባት (ፍሉሚስት) ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ናብ ካልኦት ዘይመሓላለፍ ኣዝዩ ፎኪስ ዝኾነ ጊዜያዊ ለበዳ ብምስዓብ ኣካላዊ ምክልኻል ዘማዕብል ብሂወት ዝርከብ ኣዝዩ ዝተዳኸመ ቫይረስ ይርከቦ።

ክትባት ጉንፋዕ ዘስዕቦም ጠንቅታት ልሙዳት ኣይኮኑን፡ ከምኡ'ውን መብዛሕቱ ግዜ ምጥን ዝበሉ እዮም። ካብ መውጋእቲ መርፍእ ዝተላዕለ ቃንዛ ወይ ቁስሊ፣ ቀጻሊ ቃንዛ፣ ቀጢን ንፋጥን ፎኪስ ረስንን ዘካትቱ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ኣብ ክትባት ጉንፋዕ ኤች1 ኤን1 ዝርከብ ዓቃቢ (ቲመሮሳል) ድሕንነት ዘለዎ እዩ።

ዋሕዲ መጠን ዘለዎ ቲመሮሳል (ኮይኑ ሜርኩሪ ዘለዎ) ኣብ ክትባት ከም ዓቃቢ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል እዩ። ናይ ኣሜሪካ ኣካዳሚ ሕክምና ህጻናት፣ ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (ሲዲሲ) ከምኡ'ውን ትካል መድሓኒት ሓበሬታ ሳይንስ ብምጥቃም ከምዝደምደምዎ ቲመሮሳል-ዘለዎም ክትባት ድሕንነት ከምዘለዎምን ኦቲዝም ወይ ካልእ ጸገማት ጥዕና ከምዘየስዕቡን ኮይኑ፡ ብኻልኦት ኣብ ዓለም ዝርከባ ሃገራት ዝተበጽሐ ድምደማ እዩ።

ዘተሓሳስብ ነገር እንተለኩም ንወሃቢ ሓልዮት ጥዕናኹም ብዛዕባ ብዝተወሰነ መጠን ዝርከብን ልዑል ስግኣት ንዘለዎም ሕሙማት ዝኸውን ቲመሮሳል ዘይብሉ ክትባት ብዝምልከት ሕተቱ።

